ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ -ሕድሪ

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية - حيدرى

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT – HIDRI**

# ዜና

# ላዕለዎት ኣባላት ኣመራርሓ ግሃድኤ-ሕድሪ

# <u>ምስ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ-ሕድሪ፥</u>

ብርክት ዝበሉ ላዕለዎት ኣባላት ኣመራርሓ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ - ሕድሪ (ግሃድኤ-ሕድሪ) ዝርከብዎ ብኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ዝተመርሐ ቡድን ኣብ ቦታ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ-ሕድሪ በጺሖ ናይ መጀመሪያ ዕለት ሓድሽ ዓመት 2018 ብሓባር ኣብዒሎም ከምዝወዓሉ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ፡፡ እቲ ዜና ወሲኹ ከምዝሓበሮ ነቶም ኣጋይሽ ድሙቕ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኹም ኣቀባብላ ከምዝተገብረሎም፡ ቀጺሉ ከኣ በቲ ተታሒዙ ዝነበረ ፕሮግራም መሰረት ሰሚናር ተጀሚሩ በቶም ላዕለዎት ኣባላት ኣመራርሓ ግሃድኤ-ሕድሪ እንዳተመርሐ ዓለማውን ከባብያውን ሃገራውን ኩነታት ድሕሪ ምብራህ፡ ስዒቡ ብዛዕባ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ውድብና ካብ ዕለት 10-16 ታሕሳስ 2017 ተካይዱ ብዓወት ዝተዛዘመን ዝተነጸሩ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ብዝርዝር ድሕሪ ምብራህ፡ ካብ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ-ሕድሪ ንዝቐረቡ ሕቶታት ብኩሉ መዳዩ ግቡእ መልስታትን መብርህን ብምሃብ ናይ ዕለት 01-01-2018 ውዕሎ ምዝዛሙ ተሓቢሩ፡፡

እቲ ዝበጽሓና ዜና ወሲኹ ከምዝሓበሮ እቲ ሰሚናር ንክልተ መዓልቲ ዝካየድ ኮይኑ ንዕለት 02-01-2018 ከኣ ናይ ሎሚ መቐጸልታ ኣብ ጉዳይ መስርሕ ናይ ኣርባዕተ ማሓዙት ውድባት ተጀሚሩ ዘሎ ልፍንቲ ብዝቐልጠፈ እዋን ናብ ዝለዓለን ዝሓየለን ብርኪ ንምብጻሕ ብወገን ውድብና ክንገብሮ ዝግባእ ውሳኔ ጉባኤ ምሕባርን ኮምኡውን ብዛዕባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤሃባደለ) ብዝምልከት በጺሖዎ ዘሎ ኩነታት መብርሂ ክወሃብ ምኳኑ እቲ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ ኣሎ፡፡

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!

ቤ/ጽ ዜናን ባህልን
ግሃድኤ-ሕድሪ
01 ጥሪ 2018